TIGRINYA

2 ግንቦት 2025

**ድርብ ክብሪ፥ ማናቱ ኣሓት፡**
**ኣብ Stephenson High School ቃል-ስንብታን ሰላምታን ንኽህባ ተሰምየን**

ማናቱ ኣሓት Aissaን Carissa Swopeን፡ ብሉጻት ንኸኾና ብፍሉይ ድማ ብኣካዳሚ ብሉጻት ንኸኾና ኣብ ንሓድሕደን ብቐጻሊ ይወዳደራ እየን። እቲ ዘዳላዋኦ ሽቶ፡ ካብቶም ብሉጻት 10 ሚእታዊት ተመረቕቲ ንኸኾና እዩ። ነዚ ሽቶ'ዚ በጺሔናኦ ጥራይ ዘይኮናስ፡ እዘን ማናቱ ዘካየዳኦ ሓያል ጻዕርታትን ዝረኸባኦ ኣካዳምያዊ ዓወትን፡ ካብ ናይ 2025 ተመረቕቲ Stephenson High School እተን ዝበለጻ ክልተ ተማሃሮ ከምዝኾና ገይርወን እዩ።

Carissa፡ ነታ ሰላምታ ንኽትህብ እተሰምየት "ዓባይ ሓብታ" Aissa ብምስዓር ቃል-ስንብታ ንኽትህብ ተመሪጻ። Aissa፡ ብኣርባዕተ ደቓይቕ እትዓቢ ፍላይ ማንታ እያ። እዘን ማናቱ፡ ኩሉ ግዜ ንሓድሕደን ዝወዳደራን ንብሉጽነት ድማ ዝጽዕራን እኳ እንተኾና፡ ኣብ ክፍለን እተን ዝበለጻ ተማሃሮ ብምዃነን ዘገርም ነገር ኣይኮነን።

“ኩሉ ግዜ ንሓድሕድና እንወዳደር ስለዝኾንና፡ ብሉጻት ንኽንከውን ንጽዕር ኢና፣ ካብ 10 ሚእታዊት ናይቲ እንምሃሮ ክፍሊ ክንከውን ጥራይ ዘይኮናስ፡ ቀዳማይትን ካልኣይትን ንኽንወጽእ እዩ” ብምባል Carissa ተዛሪባ። “ኣብ ጐኒ ሓብተይ ጠጠው ክብል እየ፣ ብሓደ ኬንና ድማ መደረ ከነስምዕ ኢና። እዚ ነገር'ዚ በረኸት'ዩ፣ ብሓቂ ድማ ሕጉስቲ እየ።”

“እቲ ጉዕዞ ድማ ነዊሕ እዩ” ብምባል Aissa ተዛሪባ። “ክንገብር ከምእንኽእል ወይ ንፉዓት ከምዝኾንና ንሰባት ንኽነርኢ ኩሉ ግዜ ድሌት ነይሩና፣ ሰባት ድማ ብምኽንያት ወለድና ኣትሒቶም ይርእዩና ዚብል እምነት ኣሎኒ። እዚ ኣፍልጦ'ዚ ክትረክብ ብሓቂ ባህ ዜብል እዩ።”

እዘን 17-ዓመት ዝዕድሚኤን ማናቱ፡ ቃል-ስንብታን ሰላምታን ዝህባ ሕጹያት ንኸኾና ዝተጓዓዛኦ ጉዕዞ ቀሊል ኣይነበረን። ወለደን፡ ጽሙማን እዮም፣ እዘን ኣዋልድ ድማ ኣብ መንጐ ወለደንን ህዝብን ንጹር ርክብ ንኺህሉ ሓላፍነት ዝተሰከማ እየን። ኣኼባታት ወለድን መምሃራንን ኣብ ዝካየደሉ ሓደ-ሓደ ግዜ ኣስተርጕምቲ ምስዘይህልዎ፡ እዘን ኣዋልድ'ዚኤን ንወለደን የስተርጕማሎም ነይረን። ብዕድመ ንኣሽቱ ከለዋ ኣብ ባንድታትን ከበባት ሳዕስዒታትን ኣብ ዝሳተፍሉ ዝነበራሉ እዋን፡ ወለደን፡ ንዘዳለዋኦ ሙዚቃ ክሰምዕዎ ከምዘይክእሉ እናፈለጡ ከለዉ ናብቲ ዘካይዳሉ ቦታ ብምኻድ ደገፍ ይህብወን ነይሮም።

“ናብቲ እነርእዮ ምርኢት ስለዝመጹ ድማ ኩሉ ግዜ ናእዳና ነቕርበሎም ኢና” ብምባል Carissa ተዛሪባ። “ልክዕ ከምቲ ዝሰምዕ ወላዲ ዝገብሮ ይገብሩ ነይሮም። [ዓወትና]፡ ወለድና ጽሙማን ስለዝኾኑ ዕዉታት ዝኾንና ንፉዓት ቆልዑ ከዕብዩ ከምዝኽእሉ ንሰባት መረጋገጺ እዩ።”

እዘን ኣዋልድ፡ ንኡስ ተጸብኣታት እኳ እንተኣጋጠመን፡ ኣብ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታታትን ብሉጻት ንኸኾናን ብሉጽ ስራሕ ንኽሰርሓን ንሓድሕደን ዝወዳደራሉ ዕድል ከምዘሎ ኣረጋጊጸን እየን። ጽቡቕ ስራሕ ንኽሰርሓ ንሓድሕደን ድርኺት ንኽፈጥራ ከም ተልእኾ ወሲደን፣ እዚ ድማ ዋላ'ውን ንሓድሕደን ድርኺት ይገብራ ከምዘለዎ ኣብ ዘይተርድኤን እዋን ከይተረፈ እዩ።

“ብሉጻት ንኽንከውን ኩሉ ግዜ ኣብ ንሓድሕድና ድፍኢት ንገብር ኢና” ብምባል Aissa ተዛሪባ። “ፍላይ ማንታኣ እንተዘይከውን ነይረ፡ ሰላምታ ንኽሰምዕ ሕጽይቲ ንኺኸውን ተኽእሎ ኣይምሃለወን እብል። ዕዮ-ትምህርቲ ንኽሰርሕ ኣብ ዘይደልየሉ እዋን፡ [Carissa]፡ ኣብ ልዕለይ ብምቕጣዕ፡ ‘እንታይ ማለትኪ'ዩ፡ ትብለኒ። ዕዮ-ትምህርትኺ ክትሰርሒ ኣለኪ። ሕራይ፡ ጸገም የብሉን ይብላ። ስለዚ፡ ብሓቂ እታ ዝዓበየት ደርኺተይ እያ፣ክትሕግዘኒ ዘይትመርጸሉ ሓደ-ሓደ ግዜ ድማ ኣሎ።”

“ኩሉ ግዜ ደራኺተይ ብምዃና፡ ንምንታይ ከምኡ ዓይነት ስምዒት ከምዝስምዓ ይፈልጥ ኣይነበርኩን” ብምባል Carissa ተዛሪባ።

እዘን ማናቱ፡ ንሓድሕደን ይወዳደራ ስለዝነበራ፡ ወለደን፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታ ከለዋ፡ ኣብ ዝተፈለየ ክፍልታት ከምዝኾና ይገብሩ ነይሮም።

“ሽሕ እኳ ሓደ ዓይነት ዕዮ-ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ይውሃበና እንተዘይነበረ፡ እቲ መምህር ክፍልና ብዘየገድስ፡ ኩሉ ግዜ A ጥራይ ክንረክብ ንደሊ ከምዝነበርና ንፈልጥ ኢና” ብምባል Carissa ተዛሪባ።

እዘን ማናቱ፡ ዝምሃራኦ ክፍሊ ክመርጻ ዝኽእላ ዓበይቲ ምስኮና፡ ኣብ ንሓድሕደን ዲሲፕሊን ንኽህሉን ንሓድሕደን ድማ ክትትል ንኽገብርና ተመሳሳሊ ኮርስ ብሓደ ይወስዳ ነይረን። Emory University ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ሓደ ኮሌጅ ንኽምሃራ መዲበን ኣለዋ። Carissa፡ ናይ ስድራቤት ሓኪም

ንኽትከውን ከም ቀንዲ ትምህርቲ፡ ስነፍልጠት መትንን ስነልቦናዊ ስነህይወትን (neuroscience and behavioral biology) ክትምሃር ዝመደበት ክትከውን ከላ፣ Aissa ድማ ክኢላ መደንዘዚ (anesthesiologist) ንኽትከውን ከም ቀንዲ ትምህርቲ፡ ስነህይወት ክትምሃር እያ። ወለደን፡ Carissa ሓደ መዓልቲ ናታ ሕክምና ንኽትከፍት ትጽቢት ብምግባር፡ ናይ ስድራቤት ሓኪም ንኽትከውን ኢላ ክትምሃር ድርኺት ፈጢሮሙላ።

“ወለደይ ኣብ ቆጸራታት ዶክተር ንነዊሕ ግዜ ይጽበዩ ስለዝኾኑ ወይ ኣስተርጓሚ ብዘይምርካብ ድማ ንኣገዳሲ ሕክምናዊ ሓበሬታ—ንኽጽሕፉ ስለዝግደዱ፡ ናተይ ሕክምና ብምኽፋት ኩሉ ሰብ ብቐሊሉ ኣገልግሎት ኪረክብ ኣለዎ ዚብል ድሌት ኩሉ ግዜ ነይሩኒ’ኳ” ብምባል Carissa ተዛሪባ። “ስለዚ፡ ብቐሊሉ ኣገልግሎት ዝውሃበሉ፣ ኣስተርጎምቲ ዚርከብሉ ከምኡውን ስንኩላን ንዝኾኑ ወይ ዝተፈልየ ቋንቋ ንዝዛረቡ ሰባት ዘድሊ ነገራት ዚቕረበሉ ናተይ ሕክምና ክህልወኒ ኩሉ ግዜ ድሌት ኣሎኒ።”

ኣብ መጻኢ ዘጋጥመን ብዘየገድስ፡ Aissaን Carissaን፡ ድሕሪ ጽምብል መመረቕታኤን ከይተረረፈ ኩሉ ግዜ ንሓድሕደን ክደጋገፋ እየን።

“ከም ማናቱ መጠን፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ንሓድሕደን ዝደጋገፋሉ ነገር ኩሉ ግዜ ኣለወን” ብምባል Carissa ተዛሪባ። “ዕኝቅፋት ምስዘጋጥመና ወይ ናብራ ምስዝኸብደና፡ ብሕብረት ኬንና ሓገዝ ንሓትትን ብሕብረት ኬንና ክንሓልፎ ድማ ኩሉ ግዜ ንጽዕር።”

“ኩሉ ግዜ ንሓድሕድና ሓሳባት ብምውህሃብ፡ ንዓና ናብ ቅኑዕ ጐደና ዝወስደና ቅኑዕ ኣማራጺ ከምዝህልወና ንገብር” ብምባል Aissa ተዛሪባ።

XXX